

# ዋሪ! ዋሪ!

"...እንቲ ዋሪ! ዋሪ! ዋሪ! ዋሪ!
ንዒ'ባ ዕለትኪ ተሰፈሪ፣
አበይ ውዒልኪ፣ አበይከ ትሓድሪ?
ብሩር ዘይሸልም፣ ወርቂ ድሪ
መውዓሊ ደአምበር፣ ነይመሕደሪ
ንዒ አብታ ውሻጠኺ 'ሞ ስፈሪ
ከይትጫማለቒ ጭቃ፣ ጸብሪ..."
"...ናይ ዕለተይስ አለኹሉ ባዕለይ
ዕለተይዶ ኾይኑ ዕለት ጓለይ?
ንዑ ግዳን ሎሚ ጥብ! በሉለይ
ቅጥዑ ጠፊኡኒ፣ ሓብሩለይ።
ሰብአይ ጐረቤተይ ወርቂ ስኑ፣
ፍሩይ ዓይኑ፣ ብሩር ዝምልየኑ፣
ወንደረሽ አላማይ 'ዙ መቑነኑ፣
ሕማም ርእሲ ኾነኒ መርዘኑ፤
ድቃ፣ ጉዕሽ ስዋ ጸሚቜሉ፣
ስገመይቲ ደርሆ ሓሪደሉ፣
'ንዒ ተኾለሲ' እኳ 'ይበለኒ
የማነይቲ ኢደይ ሰበረኒ፣
አእውየ ስአን ዚግልግለኒ

ጸጋመይቲ ኢደይ ደገመኒ።
'ተበልኩዎ 'ኢያይ! ሕደገኒ'
ኣጋላቢጡ 'ባ ዘበጠኒ።
ደጊም ጨሪሱ ኽይቐትለኒ፣
ነዛ እስትንፋሰይ ከየሕልፈኒ
ኣቦየ! እነየ! ንዑ ኣፋትሑኒ!"
"ሰብኣይ ጕረቤትክስ ርኢናዮ፣
ዝወረደክውን ሰሚዕናዮ
ካብ እንመን ድኣ'ኸ በለጸ?
ካብ እንመን ተሐርየ፣ ተመርጸ?
ካብ እንመን ሓጺሩ፣ ነዊሑ?
ካብ እንመን ጸሊሙ፣ ቀይሑ?
ካብ እንመን ለቢሙ፣ በሊሑ?
ካብ እንመን ዓሸዩ፣ ጕሪሑ?
ክንደይ ኣጓብዝከ ዘይረኤና!
ክንደይ ሓያላትከ ዘየውደቕና!
ክንደይ ጀጋኑ'ኸ ዘይቀበርና!
ጉዳም! ንምንታይከ ቐረብክዮ?
ሓባቢእ'ኺ ዝተሓጸ'ኽዮ
ንሕና 'ንተይፈለጥና ዘእተ'ኽዮ
ባዕል'ኺ ኸም ዝወዳእ'ኽዮ
ሽፋፊንኪ 'ተመርዓ'ኽዮ…
ከም እተርኣዮዶ 'ይገብረክን
ነ'ኻ'ኺሱ ኣይመናጭተክን፣
መናጢሉ ኣይቐናጥበክን፣
ሰላሊውስ ኣይድርብየክን!
ቀደሙ መሪቕና ዘይሃብናኪ
'መርዓት' ኢልና ዘየቃላዕናኪ
ይትረፍንያ 'ኽነፋትሐኪ



ተውሳኽኪትናኽ 'በይ ንፈልጠኪ?
ምስ ዘይመጋጥምትኺ ገጢምኪ
ሀሀ ኢልኪ 'ትሓድሪ ተገጪምኪ!
በሊ ደአ ኸም ዝአተኽያ
መውጽኢትኪ ሎሚ ርኸብያ!
አንቲ ዋሪ! ዋሪ! ዋሪ! ዋሪ!
ነውራም፣ መነወሪት፣ ዘይትምሕሪ
ሕንከት የለ፣ ዓይንና 'ተንቁሪ
'አቦይ! እነይ!' ኢልኪ ዘይትሓፍሪ
ምስ ሰብአይ ጐረቤትኪ 'ትሓድሪ!
አግሂድኪዶ ግዳን ዘይትዓጥሪ?
ዓይነ-ብርክኺ 'ሞ ተሰበሪ
ዕለትኪ ቖጺርኪ ተሰፈሪ።..."
"...ዓይነይ ትዑር፣ ሕይወተይ ትላዲ
ኢደይ ትቑረ፣ ትንቀጽ ከምዛ ጉንዲ
እዝነይ ትጽመም፣ አይትስማዕ 'ዙ ፍርዲ
እግረይ ስብር ትበል ብመገዲ
ከመዙይ ኢሉውንዶ ይረግም ወላዲ!
አነ እገድድ ዝኾንኩ ዕብዲ
ተዋሪደ በዙ ርጉም ወዲ፣
ትዓርቁኒ ደአ 'ባ በልኩ 'ምበር
እዙይ ካብ በልኩምስ 'ታይ ይግበር!
በሉ ስምዑ ሓደ ጉዳይ አሎ
ተማሓሒልና 'ንጥሓሓሎ
መላእ እየ'ሞ ብጽሕቲ ወርሒ
ሕፃን አላ ዘይትፈልጥ ጉርሒ
ተወሊዳ ምስ ወጸት ካብ ከብደይ
ክትክሕሰኩም አብ ከክንዲ ኢደይ
'ቱ ስማ 'ውን ክትብልዋ 'ግደይ'...

ደጊም ይኣኽለኒ፣ ክዓርፈልኩም
ክሞት እሞ ኽሰወር ካብ ገጽኩም
መቓብር ኩዒትኩም፣ ቀባቢርኩም
ስመይ ከይተልዕሉ 'ዋሪ!' ኢልኩም
ሕድሪ ሰማይ ኋለይ ገዲፈልኩም
ክርትም ክብል ገደል ጸዲፈልኩም፣
ኣማሕጺነ! ብሰማይ፣ ብምድሪ
'ግደይ' ኋለይ ኣዕብዩለይ ሕድሪ!
ብሰማይ፣ ብምድሪ ምስ መሓልኩም
ተዕብይዋ ከም ኋላትኩም ጌርኩም፣
እንተ ኣነን ደጊም ይኾነኒ
'ሙቲ!' 'ጥፍኢ!' እንካብ በልኩምኒ
'ዓለም-ብቃኝ!' ድሓን ኣኺሉኒ
ክርሕቐልኩም፣ ክኽወል ካብ ገጽኩም
መሰስ ኢለ በረኻ እጠፍኣልኩም
ተዓሚተ፣ እዝነይ ኣድንቊረ
ዓይነ-ብርከይ ዓጠቕ! ሰባቢረ
ብገደል ጸዲፈ፣ ሽለው! ኢለ
ህልም ክብል፣ 'ዛ ርእሰይ ቀቲለ!...'
"...እንታይከ 'ሞ ሕድሪ ደሊናሉ
ብሰማይ፣ ብምድሪ እንምሕለሉ?
ከይተሸግርና ብዝሞትኪ
ኣብ መቓብር ክትሃድኢ ዓሪፍኪ
ደስ ይበልኪ፣ ንቕበሎ ሕድሪ
ንምሕለልኪ ብሰማይ፣ ብምድሪ!
ካብ ቤት ሓራስ ውልድ ብዘበልኪ
ተዓሚትኪ፣ ብመስኮት ኣሽሊኹኪ
ትህብና 'ሞ ንወስዳ 'ታ ኋልኪ
ስማ 'ግደይ!' ኢልና ነዕብየልኪ።



ኳልክስ ’ማ ዘይ ኳልናዶ ኾይና
ነዕብያ ’ምበር ደስ እናበለና!
’ንታይ ዝበለ ሕድሪኽ ኣድልዩና
ነዕብያ ’ዌ ልክዕ ከምዛ ኳልና!
ኳልክስ ’ማ ኣይ ኳል-ኳልና እንድያ
ደስ ኢሉና ኸመይ ዘይነዕብያ?
እንተ ናትክን ከም ዝጀመርክያ
በታ ገደል እሞ ጽደፍያ
ኣብ ጉድኳኪ ’ንሞ እተውያ
ኪዲ ደኣ ሞይትኪ ዕረፍያ!...



“…ኣንቲ ዋሪ! ዋሪ! ዋሪ! ዋሪ!
በሊ’ሞ ዕለትኪ ተሰፈሪ
’ታ ዕድሜኺ ብተሎ ሕጸሪ፣
ምስቶም ዝሞቱታ ተጸምበሪ!
በተኽስያንዶ ኸይትኣትዊ በሪ፣
ሠለስተ ሻዕ መካበብያ፣ ቐጽሪ
ኮለል ኢልኪ ደኣ ’ሞ ትዞሪ
ከም ሰራቒ፣ ከም ሽፍታ፣ ኸታሪ
ማዕዶ ሰጊድ-ሰላም፣ ዓዲ ጸብሪ፣

ኣደዳ ኣዛብእ፣ ተኹላ፣ ነብሪ፣
ኣ'ወሰን ሩባ፣ ወይ ሑጻ ባሕሪ፣
በረኻኺ ድኣን ትቕበሪ!...



ገ/ኢ. ጎርፉ።